# ኣብ  ሓደ ርእሲ ክልተ መልሓስ

*ወዲ-ሰብ ቁም-ነገረኛ ድዩ ኣይኮነን ካብ ዝምዘነሉ ሓደን ቀንድን ግዳማዊ ተኽለ-ሰብነቱ ዘይኮነ፡ ውሽጣዊ ባህሪኡ'ዩ። ደቂ-ሰባት ንዝውንንዎ ባህሪ ዝቕልስ ድማ ማዕበያ'ዩ። ሓደ ሰብ ብሕብረተ-ሰብ ቅቡል ዝኾነ ባህሪ ክህልዎ ወይ ብኣንጻሩ ካብ ኣወንታዊ ባህልን ልምድን ሕብረተ-ሰብ ወጻኢ ክኸይድ ኣብ ምግባር፡ ኣተሃናንጻ ብርግጽ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ናይ ፖለቲካ ሰባት ብደረጃ ውልቀታት ኮነ፡ ብጥርኑፍ ከም ውድብ ዝልለይሉ ደርባዊ ባህሪ ኮነ፡ ዝምርሕሉ ዝተሰነደ ፕሮግራም'ውን፡ ካብ ፖለቲካዊ ማዕበያኦም ዝምንጩን ተመሊሱ ንዕኡ ዘንጸባርቕን'ዩ። ናተይ ዝብሎ  ፖለቲካዊ ተፈጥሮ ዘይብሉ፡ ፖለቲከኛ ወይ  ፖለቲካዊ ውድብ ቀይዲ ናይ ሕልና ኮነ ናይ ሕጊ ክህልዎ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ዝምራሓሉ ረብሓን ክብረትን ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ዝተነጸረ ስትራተጂን ስልትን ክህልዎ ትጽቢት ኣይግበርን። ስለዚ ከኣ ዝህቦ መግለጺታት ኮነ፡ ዘርእዮ ተግባራዊ ንጥፈታት  ምስ ግዝያዊ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታት ምርካብን ዘይምርካብ እናዛመደ ዝብሎን ዝወስዶን ተለዋዋጢ ክኸውን ባህሪያዊ'ዩ። በዚ ተለዋዋጢ ፖለቲካዊ ባህሪ ዝጉዳእ ከኣ ህዝቢ'ዩ። ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ ኮነ ማሕበራዊ ቅልውላው ድማ ውጽኢት ህግደፍ ዝምረሓሉ ፖሊሲ ፖለቲካዊ ምንዝራና'ዩ።*

*ተገላባጢ ፖለቲካዊ ተፈጥሮ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ወይ'ውን ህግደፍ ዝልለየሉ ፖሊሲ ፖለቲካዊ ምንዝርና ክንብል እንከለና፡ ኣበሃህላና  ብቐጥታ ናብ መን ዘነጻጸረ'ዩ፡ ወይ ኣበይ የዕርፍ ንጹር'ዩ። ናብ ፈጣርን መራሕን ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዘነጻጸረ ምኻኑ ብሩህ'ዩ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ብዙሓት ዜጋታት ብንጹህ ሃገራዊ ሕልና ተሰሊፈምሉ፡ ደኺሞምሉ፡ ደምየምሉ፡ ኣካሎም ስኢኖምሉ፡ ተሰዊኣምሉ'ዮም። እዚ ብንጹህ ህዝባውን ሃገራውን ሕልና ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ፡ ወትሩ ብኽብሪ እናተዘከረ ክነብር'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ሃገራዊ ነጻነትን ሓርነትን ንምምጻእ ዝተገብረ ድኻም፡ ዝፈሰሰ ደም፡ ዝተቖርጸ ኣካል፡ ዝተኸፈለ ህይወት ናይ ውድብ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ዘይኮነ ናይ ህዝቢ'ዩ። ናይ ህዝቢ ስለዝኾነ ድማ ህዝባዊ ሓበን ኮይኑ ክቕጽል'ዩ። ኣብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡን ኣሰራርሓኡን ደሞክራስያዊ፡ ሕግን ሕጋውነትን ማእከሉ ገይሩ፡ ነቲ ብሰሱዕ፡ በሓትን ቀንጻልን ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝምራሕ ወሳኒ ጉጅለ ክገርሖን ልጓም ክገብረሉን ስለዘይተራእየ ግን፡ ነቲ ድኻምን ንጹህ ሃገራዊ ሓርበኝነትን ምልኣት ይኸልኦ።*

*ህግደፍ ዝበሃል ውድብ፣ ሃገራዊ ባይቶ ዝበሃል ትካል፣ ሓይልታት ምክልኻል ዝበሃል ብስም ህዝብን ሃገርን ዝምሕል ዝጥሕል ገዚፍ ትካል፣ ንመንእሰያት፣ ደቂ-ኣንስትዮን ሰራሕተኛታትን ዝውክሉ፡ ሃማመተኤ፡ ሃማደኤ፡ ሃኮሰኤ ዝበሃሉ ማሕበራት፣ ከምኡ'ውን ብመስኮት ተለቪዥን ብናይ ምልክት ቋንቋ ዝዛረቡ ካቢኒ ሚኒተራት ዝተባህሉን ከም ዘለው ብማዕከናት ዜና ህግደፍን ካብ ልሳን ኢሳያስ ኣፈወርቅን ይስማዕ'ዩ።  መን ከማና ክብሉ፡ ንካልኦት ህዝብታትን መንግስታትን ከቆናጽቡ፡ ሰባት ክኣስሩ፡ ዓፊኖም ክወስዱ፡ ንብረት ክዘርፉ'ውን ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ይፍለጡ'ዮም። ሕጋዊ ህላዌኦም ኣብ ባይታ ግን ሃሰስ ኢልካ ኣይርከብን። ኩሎም ብስም'ቲ ቀደም ዝተጠመቕሉ ኣስማት እናተሰውዑ ኣብ ገበናዊ ተግባራት ክነጥፉ እንከለው፡ ንውልቀ መላኺ ኢሳያስ ከመጉሱን ኣይትሙተና ኢሎም ከጸልዩን እንከለው'ምበር፡ ኣብ መድረኽ ወጺኦም፡ እዚ ሓቂ እዚ ጌጋ ኢሎም ርእይቶኦም ክህቡ፡ ክምክቱ ኣይረኣዩን። ስለዚ ውድብ ህግደፍ፡ ሃገራዊ ባይቶ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ሃማመተኤ፡ ሃማደኤ፡ ሃኮሰኤ ከም'ዚ ገይሩ ከምዚ ፈጢሩ ኣብ ክንዲ ምባል ኢሳያስ ገይሩ ተዛሪቡ ምባል ይቐልል። ስለምንታ'ሲ እንኮ ሰባዊ ስርዓት ምኻኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ በሪሁ ይረአ ስለዘሎ።*

*እዞም ከም ትካላትን ማሕበራትን ዝጽውዑ ውዳቤታት፡ ሕጋዊ ህላወኦም ከረጋግጹ ካብ ዘይከኣሉ፡ ብሕጋዊ ኣገባብ ንዘይመረጽዎ ውልቀ ሰብ ካብ ኣምለኹ፡ ንርኡይ ጸረ-ህዝቢ ባህሪኡን ተግባሩን ተቐቢሎም ዝፍጽሙ ካብ ኮኑ፡ ህይወት ዘለዎም ትካላት ቆጺርካ ብኣታቶም ምዝራብ ትርፉ ድኻም ጥራሕ'ዩ ዝኸውን። ንኣብነት ፈጣርን መራሕን ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ድሮ ወይ ኣብ ዕለቱ መግለጺ ሓድሽ ዓመት ከይሃበ ሰኽ ምስ በለ፡ ቀዳሞት ሕቶታት ከልዕሉን ጸቕጢ ክፈጥሩን ዝነበሮም እዞም ኣለው ዝበሃሉ ዘለው፡ ሕጋዊ ሕላወኦም ከም ደቂ-ኣሕድርትና ዝተሰወረ ትካላትን ማሕበራትን'ዮም። ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናይ* 2017 *ብ*27-28 *ጥሪ* 2017 *ቃለ መጠይቕ ክገብር እንከሎ ክሓፍሩን ክቑጥዑን ዝነበሮም ንሳቶም'ዮም። በቲ ኢሳያስ ኣብ ቃለ-መጠይቑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘርኣዮ ሃለውለው ዝበዝሐ ኣሽካዕላል ቀዲሞም ክሓሙ ዝነበሮም'ውን ንሳቶም'ዮም። ብስምን ንኽነብሩ ኢሎም ዝሳትፍሉ ገበናዊ ተግባርን ደኣምበር፡ ብሕግን ብሕልናን ስለዘይለው ግን፡ ዋላ ሓንቲ ክብሉ ኣይተሰምዑን።*

*ልጓም ኣልቦ ከም ቃሕታኡ ህዝቢ ዘባሳብስ ዘሎ ኢሳያስ ኣብ ዕለታት* 27-28 *ጥሪ* 2017 *ኣብ ክልተ እብረ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ኣብ ዓመት* 2016 *ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ* 25 *ዓመታት ዝኾነ ዝተወጠነ፡ ተወጢኑ ዝተገብረ መደባት ልምዓት የለን ኢሉ ናይ ባዶ ውጽኢት መደረ ኣስሚዑ ክንሱ፡ ኣብ'ቲ ብ* 8-9 *ለካቲት* 2017 *ዘካየዶ ስማዊ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራት፡ ካቢኔ ሚኒስተራት ኤርትራ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብዘቕረቦ መደባት ስራሕ ዓመት* 2016 *ጽላት ብጽላት ተመልኪቱ፡ እቲ ዝተሓንጸጸ መደባት ኩሉ ዕውት ከም ዝነበረ ኣስሚርሉ፡ ቀጺሉ ናይ ኩለን ሚኒስተር ኣብያተ ጽሕፈታት ጸብጻብ ስራሕ ሓደ ብሓደ ገምጊሙ፡ ክትግበር ዝተወሰነ መደባት ብጽቡቕ ከም ዝተሰላሰለን ህዝቢ ተጠቃማይ ከም ዝኾነን ኣረጋጊጹ። ኣብ ዓመት* 2017 *ክትግበር ዘለዎ መደባት ልምዓት ድማ ተመልኪቱን ኣጽዲቑን ዝብል ጸብጻብ ሰሚዕና። ድምጸም ዘይስማዕ ሞራልን ድፍረትን ኣብ ገጾም ዘይንበብሉ ኣእዳዎምን ኣፎምን ዘንቀሳቕሱን ሰባት ድማ ተዓዚብና። እዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓደ ውድብ ዘይኮነ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ውልቀ ሰብ ከም ዝወደቐ፡ ኢሳያስ ድማ ከም ሰብን ከም መራሕን ሕፍረት ዘይስመዖ ኣብ ሓደ ርእሲ ክልተ መልሓስ ዝሓዘ ምኻኑን ዘነጽር'ዩ።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 13-02-2017